

# ድርሳን ዘ፯ቱ ሊቃነ መላእክት
# ምስለ ድርሳን ዑራኤል




ብትግርኛ


ድርሳን ዘ፯ቱ ሊቃነ መላእክት
ምስለ ድርሳነ ዑራኤል
ብትግርኛ



"እስመ ለመላእክቲሁ ይኤዝዞሙ በእንቲአከ፡ ከመ ይዕቀቡከ በኵሉ ፍናዊከ፡ ወበእደዊሆሙ ያነሥኡከ" ኣብ እትኸዶ ኵሉ ኪሕልዉኻ፡ ንመላእኽቱ ኪእዝዘልካ እዩ። ንሳቶም ከኣ እግርኻ ብእምኒ ኸይ ትዕንቀፍ ብኣእዳዎም ኺፆርኻ እዮም።

(መዝ. ፺፩፥፲፩-፲፪ / 91፥11-12)





ብእግዚአብሔር ምእማን፡ ካብ ግርማ ለይቲ፡ ካብ ሓደጋ መዓልትን ጋኔን ቀትርን ይሕልወካ። ኵሎም ሊቃነ መላእክት፡ ሚካኤል፡ ገብርኤል፡ ሩፋኤል፡ ራጉኤል፡ ፋኑኤል፡ ሳቁኤል፡ አፍኒንን ኡራኤልን ድማ፡ ብኣኽናፎም ጋሪዶም ካብ ኵሎም ተፃባእቲ ኣጋንንት የናግፉኻ (መዝ. 34:7)።

ስለዚ፡ ነዚ ክቡር ኣስማተ መለኮት'ዚ፡ ኣብ ክሳዱ ዘንጠልጠለ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ጁባኡ ዚሓዝ፡ ኣጋንንቲ ኣይቀርብዎን (ማር. 16-17)። ምኽንያቱ፡ እዚ ሕቡእ ኣስማተ መለኮት **እግዚአብሔር**፡ ኣብ ኵሎም **ሊቃነ መላእክት** ዚርከብ እዩ። ብርቀት ንደቂ ሰባት ካብ ዚገዶድኡ ናይ ዛርቲ ወገናት ካብ ዙርያኡ





ይርሕቑ። ኣብ ጊዜ ለይቲ ካብ ሃተፍተፍ፡ ስምባደን ምብህራርን፡ ከምኡ ድማ ካብ ሓሳድን ተንኮለኛ ሰብን ኮታ ካብ ኵሉ ክፉእ ዘበለ ነገራይድኅን። ካብ'ዚ ኵሉ ነገር'ዚ ከኣ፡ ኵሎም **ሊቃነ መላእክት** ይሕልዉኻ። ካብ ኲናት፡ ፈራን መቅሠፍትን'ውን ይሥውሩኻ። ንሕፃናት ድማ ካብ ቡዳ፡ ካብ ዓይኒ


ሰብ፡ ካብ ሃተፍተፍ፡ ካብ ምብህራርን ስምባደን የድኅንዎም።

እምበኣርከስ፡ ነዚ ኣስማተ መለኮት **እግዚአብሔር** ዚሓዘለ መጽሓፍ ድርሳነ ጸሎት፡ ካብ ጥንቲ ኣትኂዞም ኣቦታትና ኪጥቀምሉ ዝጸንሑን ናባና'ውን ዝተመኃላለፈን ቅዱስ መድኃኒት ከም ዝኾነ ኪንርዳእ ይግባእ። ስለዚ





ካብ ረቂቃንን ግዙፋንን ኢጋንንት ካብ መጻወድያ ዲያብሎስን ንምምላጥ፡ ነዚ መጽሓፍ ጸሎት እዝን ካልኦት መጻሕፍተ ጸሎትን ምጥቃም እምበ ኣር፡ ንሥጋና ድኅነት ንመንፈሳዊ ሕይወትና ድማ ዋሕስ እዩ ዚኾነና።








ሓደ **አምላኽ** ብዝኾነ፡ ብስም **አብን** **ወልድን** **መንፈስ ቅዱስን** እኣምን።

**አ... እግዚአብሔር**!!

ብመሠረት ጸሎትን ኣማላ ድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ **ሚካኤል**፡ ኣብዛ ምድራዊት መቕደስካ ኮይነ ንዘቕርበልካ ጸሎተ ኣምኃ፡ ኣብ ሰማያዊት መቕደስካ ኬንካ ተቐበል!!

**አ... አምላከ** ቅዱስ

ሚካኤል!! ንጸላእተይ ዝስ
ዕር ኀይሊ ኣብ ኢድካ
ዚጨበጥካ ኢኻ'ሞ፡ ሰይፈ
መዓቱ ኂዙ ካብ ገጽ ምድሪ
ፈጺሙ ከጥፍኦም ንሊቀ
መላእክት ቅዱስ ሚካኤል
ቀልጢፍካ ናባይ ለኣኮ!!
እዚ ግና ከም ምሕረትካ
ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ
ኣይኹን!!

ኦ... ኣምላኸይ!! ኵሎም
ረቂቃንን ግዙፋንን





ጸላእተይ ካባይ ንኽርሕቑ፡
ንርእሰይ ኣትሒተ ነዞም
ኣስማተ መለኮት፡ ከምዚ
እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ
ስምዓኒ፧ ኣሜዕ፡ ኤኪ፡
ኤንካዕ፡ ካዜዕ፡ አርናኬ፡
ኬም፡ ካዮን፡ ፒካጊሎ፡
አስኤሎት፡ አስሶሙ፡ አር
ኤም፡ ያብስትጋ፡ ፖኢ
ርጋ፡ ያብሲት፡ ፌኤ፡
ኤልካዕ፡ ኢንካዕ፡ ብዕላኪፍ፡
አርኀሎ፡ አዎፅ። እዞም

ፍጹም ክቡራን ቃላትን
ኅቡኣን መለኮታውያን
ኣስማትን እግዚአብሔር፡
ብልሳነ ዕብራይስጥ ካብ
ኵሎም ቃላት ዚዓበዩ
ካብ ኵሉ ሽግርን ጸበባን
ድማ፡ ዘናግፉን ኮይኖም፡
ኣብ ኢድ ቅዱስ ሚካኤል
ዚርከቡ፡ እዮም። ምስ
ኣስማተ መለኮት ተሣንዩ
ዚጽሉ፡ ናይ ቅዱስ
ሚካኤል ድርሳን እዚ እዩ።





ኣማላድነቱን ረድኤቱን
ድማ፡ ምስ ኵልና ብተራ
ዳእነቱ እንኣምን ሕዝበ
ክርስቲያን ይኹን፡ ኣሜን።
እዚ ኣስማተ መለኮት'ዚ
ፍጹም ክቡር ኮይኑ፡
ንቅዱስ ሚካኤል ሊቀ
መላእክት ስለ ዕብየቱ፡ ስለ
ፍጹም ክብሩን ትሕትናኡን
እግዚአብሔር ዚሃቦ እዩ።
ኣቐዲሙ ኣብ ሰማይ
ውግእ ኣብ ዚኾነሉ ጊዜ፡

ቅዱስ ሚካኤል ንሳጥናኤል (ሓለቃ ኣጋንንት) ስዒሩ፡ ናብ መትሕተ ታሕቲት እንጦርጦስ ዝደርበዮ፡ በዚ ኣምላካዊ ስመ መለኮት'ዚ እዩ። ምኽንያት ስዕረቱ ድማ፡ በዞም ኀያላን ኣምላካውያን ኣስማተ መለኮት ኮነ።

ስለዚ፡ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ዘንበበ፡ ዘጽሓፈ ነዚ ኀቡእ ስም ካብ መጽሓፍ





ኣይፍለዮ። ኣብ ንጹሕ ቦታ ኣቐሚጡ ብኽብሪ ይሓልዎ። ንሕይወትን መድኀኒትን ይኹኖ። እቶም ብመዓልትን ለይትን ኣብ ዙርያኡ ዚመላለሱ ሠራዊት ዲያብሎስ ድማ፡ ካብ መቕሠፍቲ መዓት እግዚአብሔር፡ ፈጺሞም ካብኡ ይርሓቑ።

ብጸሎታን ኀይሊ ረድኤታን ናይታ ብሥጋን ብነፍ

ስን ንጽሕት፡ ካብ ኵለን ኣንስቲ ፍልይቲ፡ ብርኽቲ፡ ብፅዕቲ፡ ክብርትን ልዕልትን ዚኾነት፡ ትምክሕቲ ኵሉ ፍጥረትን ብኽልተ ወገን ድማ ድንግል ዝኾነትን ወላዲተ ኣምላክ ቅድስት ድንግል ማርያም፡ ብጸሎት ቅዱስ ሚካኤል፡ ብጸሎት ተስዓን ትሸዓተን ነገደ መላእክት፡ ብጸሎት ዕሥራን ኣርባዕተን ካህናተ





ሰማይን ኣርባዕቱ እንስሳን፡ ኵሎም መናፍስትን ጻዋ ጋን ኣጋንንትን ካባይ ይርሓቁ!! ከምኡ'ውን ብቓል ናይቶም ቃለ ወልደ እግዚአብሔር ዚጸሓፉ ኣርባዕተ ወንጌላውያን ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስን ዮሐንስን፡ ብሥልጣነ ጴጥ ሮስን ጳውሎስን ዝተወገዙ ይኹኑ!! ኵሎም ኣገልገልቲ ዲያብሎስ መሠርያንን እኩ

ያንን ድማ፡ ብቕጽበት
ካባይ ፈጺሞም ይርሓቑ!!
እቶም መዓልትን ለይትን
ካብ ንግሆ ክሳዕ ምሸት፡ ካብ
ምሸት ክሳዕ ንግሆ ኵሉ ጊዜ
ንደቂ ሰባት ካብ ዘሸግሩን
ዘሰንብዱን ሠራዊት ዲያ
ብሎስ (ኣጋንንት)፡ ባርያን
ሌጌዎንን ድማ ከምቲ
ናይ ምድሪ መዓዝን
ዘጽንዑ ነፋሳት ዝብትንዎ
ትኪ ይብነኑን ይበተኑን!!





ኣሜን። ካብ ላዕሊ ካብ
ሰማይ፡ ኣብ ልዕሊ ኵሉ
ነፍሰ ክርስቲያንን ኵልና
ውሉደ ጥምቀትን ድማ፡
ኣምላኽ ቅዱሳን ኣቦታትና
ምሕረቱ፡ ጸጋኡን ይቕሬ
ታኡን የውርደልና!! ኣሜ
ን። ኣቡነ ዘበሰማያት በል።
ኦ... ሓለቓ ኵሎም
መላእክት ቅዱስ ሚካኤል!!
በቲ ካብ እግዚአብሔር
ዝተወሃብካዮ ናይ ቃል

ኪዳን ኃይለ ጸሎት፡ ካብ ተቓዋምየይ ረቂቕ (ዘይረአ)ን ግዙፍን ጸላኢ፡ ብመዓልትን ለይትን ንኣይ ንኣገልጋሊ ኻ________ ሓልወንን ኣድኅነንን!! ኣሜን።

ብስም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ሓደ **ኣምላኽ** እናኣመንኩ፡ ካብ መጻወድያ ሰይጣን ከምልጥ፡ ከምኡ'ውን ካብ





ተፃብኦ ኵሎም ኣጋንንት ኪድኅንሲ!! **ኦ ጐይታይ**!! እንሆ ነዚ ኣስማተ መለኮት'ዚ እናጸዋዕኩ፡ ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፧ **ኤኮስ፡ አስሌ፡ ኤፓ፡ ኤነከምካም፡ ኤቦካ፡ ኪሮም፡ ለካፍ፡ ፌኤ፡ ሎኬ፡ ወአርናኬ፡ ጓዕ፡ ወአብሶላ፡ አስቤክ፡ አበስኩዕ፡ አሜዕ፡ አውፅእ፡ ኤቃዕ፡ ኤጴዕ፡ ካብዕሬው፡**

አርጎላዮን፡ ያብ ሳት፡ ጸ፡ ጸ፡ ጸ፡ ጸ፡ ጸ፡ ጸ፡ ጸ።

ኦ... እግዚአብሔር!! በዚ ኅቡእን ሥዉርን ዝኾነ ኣስማትካን፡ ብረድኤትን ኣማላድነትን ቅድስት ድንግል ማርያምን፡ ብጸሎት ቅዱስ ሚካኤልን ኵሎም ሊቃነ መላእክትን፡ ካብ ኵሉ መከራ ሥጋን መከራ ነፍስን ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ.........ሓልወንን ሠውረንን!! ኣሜን።





ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ልኡኽ ድኅነት ሚካኤል ሊቀ መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ሓብሓቢ ድኻታት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ሽጉር ንምርዳእ እትለኣኽ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ብእምነት ንዚለመነካ ኣኽ ናፍካ እትኸድኖ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን

ኦ... ክወድቕ ንዝቐረበ ንኸይወድቕ ብቕልጡፍ እተናግሮ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን

ኦ... ንኅዙን እተጸናንዕን እተረጋግእን የዋህ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን

ኦ... በቲ ምሕረትን ሥርየትን ዘመልአ የማናይ ኢዱ ኪባርኸናን ይቕረ ኪብለልናን፡ ኣብ ቕድሚ ፈጣሪኻ ርእስኻ ብምድናን





ምእንታና ኣማሊድካ፡ ምሕረትን ይቕሬታን እተውሀብ መልኣኽ!! ኣብ ዘጸዋዕኩኻ ጊዜ፡ ብምሕረትን ሣህልን ቅረበኒ!!

ኦ... ኣምላኸ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት!! ንኢይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ............... ካብ ዚመጽእ መዓትን ካብ ዘይፈልጦ መቕሠፍትን፡ ንዘለ ዓለም ሠውረኒ!! ኣሜን። ኣቡነ ዘበሰማያት በል።








ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ እኣምን።

ኦ... እግዚአብሔር!! ብመሠረት ጸሎትን ኣማላድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ ገብርኤል፡ ኣብዛ ምድራዊት ዓፀደ መቕደስካ ኮይነ ንዝቕርበልካ ጸሎት ምስጋና ኣብ ሰማያዊት ዓፀደ መቕደስካ ኬንካ ስምዓኒ!!

ብባህርይኻ፡ መሓርን ጓሳ
ይን ኢኻ'ሞ፡ ዓይነ ሥጋይ
ንጸሎት፡ ዓይነ ልቦናይ ድማ
ንእምነት፡ ኣነቓቕሓዮ!!
ኦ... ኣጋንንቲ ዚድምስስ
ኀይሊ ኣብ ኢድካ ዚጨበጥካ
ልዑል ኣምላኽ!! ኀይሊ
መዓቱ፡ ሒዙ፡ ንጸላእተይ
ፈጺሙ ኪድምስሶም፡ ንሊቀ
መላእክት ቅዱስ ገብርኤል
ናባይ ለኣኽ!! እዚ ግና ከም
ምሕረትካ ደኣ እምበር፡





ከም በደለይሲ ኣይኹን!!
ኦ... ጐይታ!! ካብ
ዓቢይ ስንባደን ፍርሃትን
ፈጺመ ንኽድኅን፡
ድርሳን ቅዱስ ገብርኤል
ሊቀ መላእክት ከምዚ
እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ
ስምዓኒ፧ መድኅንኤል፡
ሒያውታኤል፡ ኣውካኤል፡
ተርቡታኤል፡ ግኤል፡
ዝኤል፡ ቡኤል።
እዚ ኣስማት መለኮት'ዚ፡

እግዚአብሔር፡ ንቅዱስ ገብርኤል ዝሃቦ፡ ኣብቲ ዲያብሎስ ዚተኸራኸረሉ ጊዜ፡ ምእንቲ ክስዕሮ፡ ከምኡ'ውን ንኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ዘብሠረሉ ጊዜ፡ ብኃይለ ቃሉ ንኽይትስንብድን ከይትፈርህን መጽንዔ ኃይል ንኺኾና እዩ።

ኦ... እግዚአብሔር!! ንኣይ ንድኹም ኣገልጋ





ሊኻ..........ኀይልን ጽንዓ ትን ሂብካ፡ ካብ ናይ መዓልቲ ስንባደን ካብ ናይ ለይቲ ፍርሃትን ኣድኅነኒ!! ኣሜን።

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ካብ ሰማይ ናብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተለኣኽካ ቅዱስ ገብርኤል ሊቀ መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ኣብሣሪ ፍሥሓ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን **ኦ...** ፀንሰት **ኢየሱስ ክርስቶስ** ኣረዳኢ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን **ኦ...** ሰማያዊ ነበልባላዊ ያፈ ርግብ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን **ኦ...** ካብ ኣፍ ሞት ዲያብሎስ እተድኅነኒ ሓላውየይ መልኣኽ!!

**ኦ...** ቅዱስ ገብርኤል ሊቀ መላእክት!! መዓል





ትን ለይትን ሓቀኛ ኣማላ ድነትካን ረድኤትካን ንጽበ ኢና'ሞ፡ ንኣይ ንኣገል ጋሊኻ.......... ካብ ጥፍኣት ሥጋን ካብ ኵነኔ ነፍስን ንዘለዓለም ኣድኅነኒ!! ኣሜ ን። አቡነ ዘበሰማያት በል።





ድርሳን ዘቅዱስ ሩፋኤል ፫

ብስም አብን ወልድን
መንፈስ ቅዱስን ሓደ
አምላኽ እኣምን።

አ... እግዚአብሔር!!
ብመሠረት ጸሎትን ኣማላድ
ነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ
ሩፋኤል፡ ኣብዛ ምድራዊት
ከረን መቕደስካ ኾይኑ፡
ንዘቕርበልካ ጸሎት ባር
ኾት፡ ኣብ ሰማያዊት ከረን
መቕደስካ ኬንካ፡ ተቐበል!!
አ... ጸላእተይ ዝጠፍእሉ

ኀይሊ ኣብ ሡር ሥልጣንካ ዘቐመጥካ **ኣምላኽ**!! ንሊቀ መላእክት ቅዱስ **ሩፋኤል** ሰይፉ ሒዙ ፈጺሙ ከጥፍ ኦም ናባይ ለኣኮ!! እዚ ግና ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!!

**ኦ... እግዚአብሔር**!! ካብ ተፃብኦ ኵሎም ኣጋንንት ኸድኀን፡ ድርሳን ቅዱስ **ሩፋኤል** ሊቀ መላእክት





ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፤ **ብርሃናኤል**፡ **መብርሀኤል**፡ **ከስተናኤል**፡ **በኀድናኤል**፡ **አጽሐድናኤል**።

እዚ ወሃቢ ብርሃንን መጥፍኢ ጸላእቲ ኣጋንንትን ዝኾነ ኣስማተ መለኮት እዚ፡ ቅዱስ **ሩፋኤል** ንጦቢት ዓይኑ ኣብ ዘብረሃሉ ጊዜ ከምኡ'ውን ንጓል **ራጉኤል** ዘሳቕያ ዚነበረ ጋኔን ገሚፁ

ንኽውፅኣሉ እግዚአብሔር ዚሃቦ እዩ።
ኦ... እግዚአብሔር!! ብዚ ዚጸለኽዎ ጸሎትን በቲ ዓቢይ ምሕረትካን፡ ንጸላእተይ ካባይ ኣርሒቕካ፡ ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ.............ኣብ ልቦናይ ብርሃን ምድኃንካ ኣብርሃለይ!! ኣሜን።
ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ናይ ጉይትነት ኣዳራሽ





መንግሥቲ እትእዝዝ ቅዱስ ሩፋኤል ሊቀ መላእክት!!
ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ነቲ ገዚፍን ጨካንን ዚኾነ ዓሣ ኣንበሪ፡ ብኹናት መስቀልካ ወርዊርካ ዚቐተልካ ቀስታዊ መልኣኽ!!
ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ንናይ ኣማልኽት ኣምላኽ እግዚአብሔር ወትሩ እትመስግን ትጉህ ኣገልጋሊ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
ኣብ ጸበባን መሪርን ጊዜ፡
ህውከት ካብ ዚፈጥር ጸላኢ
ዲያብሎስን ጽኑዕ ካብ ዚኾነ
መልአከ ሞትን መዓልትን
ለይትን እትሕልወኒ ጓሳይ
የይ መልኣኽ!!

አ... ኣምላከ ቅዱስ
ሩፋኤል ሊቀ መላእክት!!
በዚ ኣስማተ መለኮት እዚ፡
ንኣይ ንድኹም ኣገልጋ
ሊኻ................ካብ መከራ





ሥጋን ነፍስን፡ ንዘለዓለም
ሓልወንን ሠውረንን!!
ኣሜን። አቡነ ዘበሰማያት
በል።








ብስም **አብን** **ወልድን** **መንፈስ** **ቅዱስን** ሓደ **ኣምላኽ** እኣምን።

**ኦ...** **እግዚኣብሔር**!! ብመሠረት ጸሎትን ኣማላድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ **ራጉኤል**፡ ኣብዛ ምድራዊት ኣዳራሽ መቕደስካ ኮይነ ንዘቕርበልካ ጸሎተ ንስሓ፡ ኣብ ሰማያዊት ኣዳራሽ መቕደስካ ኬንካ ተቐበል!!

**ኦ...** ቅኑዕ ፈራዲ

ዚኾንካ **ኣምላኽ**!! ንገበርቲ ዓመፃ ሕነ ዚፈዲ ፍትሒ ኣብ ዙፋን ጐይትነትካ እዩ'ሞ፡ ነቶም ዘጋፍዑንን ኣብ ልዕለይ ብእኩይ ሓሳብ ንውድቀተይ ዚቀላጠፉ ጸላእተይን፡ ሊቀ መላእክት ቅዱስ **ራጉኤል** ኣብ ቅድሚኦም ኃሊፉ፡ ብእሳታዊ ሰይፉ ብምህራም፡ ሕነይ ንኪፈዲ ናባይ ለኣኸ!! እዚ ግና ከም





ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!! **ኦ... እግዚአብሔር**!! ብምሕረትካ ኽትበጽሓኒ፡ ረድኤት ቅዱስ **ራጉኤል**'ውን ከይፍለየኒ፡ ንድርሳን ቅዱስ **ራጉኤል** ሊቀ መላእክት ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፤ **አካዕ፡ ቤቃዕ፡ ከስብኤል፡ ዐማኑኤል፡ አህድኤል፡ ቡኤል፡ ግትኤል፡ አኀልያል፡**

ተአጋሥያል፡ ያውህያል፡ ያውያል፡ ሙሳጥያል፡ አውሲፍያል፡ አውክትያል፡ መርድያል።

እዚ ኣስማተ መለኮት'ዚ፡ ቅዱስ ራጉኤል ንነገሥታት ኖቫማ ኣብ ዚተራድኣሉን ንምድኃን ቅድስት ኣርሴማ ኣብ ዚተገልጸሉን ጊዜ፡ እግዚአብሔር ዚሃቦ እዩ።

ኦ... ኣምላኽ ምድኃነይ!! ንኣይ ንድኹም ኣገል



ድርሳን ዘቅዱስ ራጉኤል ፬

ጋሊ'ኻ............ ምሕረትካን ረድኤትካን ከይፍለየኒ እል ምንን እጽልን ኣሎ'ኹ'ም፡ ስምዓኒ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ኣርያማዊ ንሥርን ራማዊ ዑፍን ዚተሰመ'ኻ ቅዱስ ራጉኤል ሊቀ መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ግርማ ሞገስ ዝለበስካ ክቡር መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን

ኦ... ብትግሃት ንኣምላኽካ እተመስግን ትጉህ ኣገልጋሊ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ብመንፈስ ንዚተጨነቑን ብሓሳብ ንዚደኸሙን፡ ናይ ሕልና ዕረፍቲ ዘኾንካዮም መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ንነገሥታት ኖኻማ ዚተራዳእካዮም ረዳኢ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...





ንቅድስት ኣርሴማ ኣብ ጊዜ ሽግራ መድኅን ዘኾንካያ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ወርቂ ምስጋና ዚተሰለምካ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ካብ መዓርን ጸባን ዚጥዕም ድምፅኻ!!

ኦ... ቅዱስ ራጉኤል!!


መሪር ብዘኸኣ ልሳን፡ ጸገምን ህውከትን ካብ ዚፈጥር ሰይጣናዊ ጻላእን መልኣከ ሞትን፡ ብኀይሊ ጸሎትካን

ረድኤትካን ንነፍሰይ ሓልዋን ኣድኅናን!! ኣሜን።

**ኦ... ኣምላከ** ቅዱስ **ራጉኤል** ሊቀ መላእክት!! ኃጢኣተይን ኣበሳይን ይቕረ ኢልካ፡ ካብ መከራ ሥጋን ነፍስን ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ......... ንዘለዓለም ሠውረንን ኣድኅነንን!! ኣሜን። ኣቡነ ዘበሰማያት በል።







ሊቀ መላእክት ቅዱስ ፋኑኤል

ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ አምላኽ እኣምን።

ኦ... እግዚአብሔር!! ብመሠረት ጸሎትን ኣማላድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ ፋኑኤል፡ ኣብዛ ምድራዊት ቅድስት ቤተ ክርስቲያንካ ቆይመ ንዘቕርበልካ ጸሎት ምስጋና፡ ኣብ ሰማያዊት ኣዳራሽ መንግሥትኻ ተቐበል!!





ኦ... ንሓሰውትን ቀጠፍትን ዚቐሥፍ ጽኑዕ መቕሠፍቲ ኣብ ኢድካ ዚኃዝካ ኣምላኽ!! ኪቐትሉኒ ንዚህንደዱ ዓመፀኛታት ጸላእተይ፡ ንሊቀ መላእክት ቅዱስ ፋኑኤል መንጋጋኦም ብሰይፊ መዓቱ ፈጺሙ ኪመታትሮም ናባይ ለኣኮ!! እዚ ግና ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!!

ኦ...እግዚአብሔር!! ካብ መጻወድያ ዲያብሎስ ከምል ጥ፡ ካብ ተፃብኦ ኲሎም ኣጋንንት ድማ ኸድኅን፡ ድርሳን ቅዱስ ፋኑኤል ሊቀ መላእክት ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፧ ቅርታያል፡ ደርትያል፡ ቂትያል፡ መርትርያል፡ አውሲፍያል።

እዚ ኣስማተ መለኮት'ዚ ቅዱስ ፋኑኤል፡ ንዅሎም





ምስ ነቶም ንደቂ ሰባት ዘካስሱ እግዚአብሔር ምስ ከምኡ እውን፡ ሠራ ፈጣሪኦም ዘጻልኡ በዓል ዊት ዲያብሎስ፡ እኒ ሌጌዎንን ቤልሆርን፡ ካብ እግዚአብሔር ቅድሚ ኣብ ጸራሪት ብምውሳድ፡ ፈለገ ዮርዳኖስን ኣብ በረኻ ቂሣን ዚኣሠሮም፡ ንሰይ ጣናት ዘሳድድን ንኣጋንንት ዘርሕቕን፡ እግዚአብሔር

ዝሃቦ ኣስማተ መለኮት እዩ።

ኦ... እግዚአብሔር!! ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ........ ጸሳእተይ ካብ ገጽ ምድሪ ንኺጠፍኡ፡ ንሰዳዴ ሰይ ጣናት ቅዱስ ፋኑኤል መልኣኽ ንምድኃነይ ኪትል እኮስ፡ ፍቓድካ ይኹነለይ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ነበልባላዊ ቅዱስ ፋኑኤል ሊቀ መላእክት!!





ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ቀስታዊ ክቡር መስቀል!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... እቲ ንደቂ ሰባት ዘሳድድ ዓመፀኛ ኣራዊት ዚቐተልካ መንፈሳዊ ኣገልጋሊ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...ክቡር ልብሲ ምስጋና ዝለበስካ ኣርያማዊ ዑፍ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ከርሢ ድኻ ከተጽግብን ከተፀንግልን ክእለት ዘሎካ

ርኅሩኅ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ንመሪር ሽግርን ጸበባን እተቃልል መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ህውከት ካብ ዚፈጥር ክፉእ ልሳንን ጨካን መልኣከ ሞትን፡ ብኽልተ ኣኽናፍካ ጋሪድካ፡ ኵሉ ጊዜ እትሕ ልወንን እተድኅነንን መል ኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...





ንረድኤትን ሓገዝን ደቂ ሰባት፡ ወትሩ እትተግህ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ... ብኀይሊ ጸሎትካ ንዓቢይ በደልን ኃጢኣትን ደቂ ሰባት ኣርሒቕካ ከምኡ'ውን ሰይጣናት ኣባሪርካ ምስ እግዚአብሔር እተታዓርቕ ኀያል መልኣኽ!!

ኦ... ሊቀ መላእክት ቅዱስ ፋኑኤል!! ኣነ ኣገልጋሊኻ

ድኹም ሥጋ ለበስ እየ'ሞ፡ ሰይጣናት ከይፃብኡንስ ካባ ይ ደአ ኣርሕቕ!!

ኦ... ቅዱስ ፋኑኤል!! ጸላእተይ ኩናት ተፃብኦ ወርዊሮም ጕድነይ ከይወግኡኒ፡ ኣብ ልዕለይ ኀይሊ ምድኅንካ ግለፅ!!

ኦ...ሰማያውን ምድራውን ሥልጣነ ክህነት ዚተቐበልካ ጴጥሮስ ፋኑኤል!! ሰላም ንዓኻ ይኹን እናበልኩ፡





ሾብዓተ ጊዜ ብሓሶት በዲለ እየ'ሞ፡ ይውዓል ይኀደር ከይበልካ፡ ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣት ፍትሓኒ!!

ኦ... ናይ ሰላም ትጉህ መልኣኽ!! ኵሉ ጊዜ ሓልወኒ!! በዛ ሎሚ ዕለት እውን፡ ብብርቱዕ ረድኤትካ ኣድኅነንን ተራድኣንን!!

ኦ... ኣምላኽ ቅዱስ ፋኑኤል ሊቀ መላእክት ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካብ

ሠራዊት ዲያብሎስ፡ ካብ
መከራ መስሓትቲ ሰይጣ
ናት፡ ካብ መጻወድያ
ጸዋጋን ኣጋንንት፡ ካብ
ሌጌዎን፡ ቡዳ፡ ቂመኛን
ዛርትን ንኣይ ንድኹም
ኣገልጋሊኻ.....................
ንዘለዓለም ሓልወንን
ኣድኅነንን!! ኣሜን። ኣቡነ
ዘበሰማያት በል።







ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሳቁኤል

ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ እኣምን።

ኦ... እግዚአብሔር!! ብመሠረት ጸሎትን ኣማላድ ነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሳቁኤል፡ ኣብዛ ምድራዊት ዓፀደ መቕደስካ ቀይመ ንዘቕርበልካ መዝሙረ ጸሎት ኣብ ሰማያዊት ቤተ መንግሥትኻ ተቐበል!!

ኦ... እግዚአብሔር!!





ቍጥዐ ዘጥፍእ ኀይሊ ኣብ ባህሪኻ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መንገደይ ጸኒሖም፡ ኣብ ልዕለይ ሓደጋ ከውርዱ ካብ ዚሓስቡ ጸላእተይ፡ ንቅዱስ ሳቁኤል ሊቀ መላእክት መጺኡ፡ ብሰይፊ መዓቱ ፈጺሙ ከጥፍኦም ናባይ ለኣኾ!! እዚ ግና ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!!

ኦ... ኣምላኽ ቅዱሳን



Scanned with CamScanner

ኣቦታተይ!! ቕናት መለኮ
ታዊ ስምካ ተቐኒተ፡
ኃይሊ ኣጋንንት ኣድኪመ፡
ዕረፍቲ ንኽረክብ፡ ድርሳን
ቅዱስ ሳቊኤል ሊቀ
መላእክት ከምዚ እናበልኩ
እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፧
ኣህድኤል፡ ሣህልኤል፡
ቡኤል።

እዚ ኣስማተ መለኮት'ዚ፡
ቅዱስ ሳቊኤል፡ ንነገሥታት
ህንደኬ ንምድኃኖም





ኣብ ዚቆመሉ ጊዜ፡
እግዚኣብሔር ዚሃቦ እዩ።
ኦ... ኣምላከ ቅዱስ
ሳቊኤል ሊቀ መላእክት!!
ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ
.......... በዚ ኅቡእን ረቂቕን
ዝኾነ ኣስማትካ ርድኣንን
ኣድኅነንን!! ኣሜን።

ሰላም ንኣኻ ይኹን
ኦ... ርኅሩኅን የዋህን
ዝኾንካ ቅዱስ ሳቊኤል ሊቀ
መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ... ዓይኒ ዕውራን እተብርህ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ... መንገዲ ሕይወት እትመርሕ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ... ኃጢኣት ደቂ ሰባት እተንጽሕ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ... ንዚተጨነቑ ካብ ጭንቀቶም እተዕርፍ የዋህ መልኣኽ!!





ሰላም ንኣኻ ይኹን አ... ንናይ ኣማልኽት አምላኽ ብዘይ ዕረፍቲ እተመስግን ኣርያማዊ ካህን!!

አ... አምላከ ቅዱስ ሳቁኤል ሊቀ መላእክት!! ካብ ክፉእን መሪርን ልሳን፡ ካብ ዘሰንብደንን ዘፍርሓንን መልአከ ሞት፡ ንግሆን ምሸትን፡ መዓልትን ለይትን፡ ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ........ንዘለዓለም

ሓልወንን አድኅነነን!! ኣሜን። አቡነ ዘበሰማያት በል።







ሊቀ [illegible] አፍኒን

ብስም **አብን** **ወልድን** **መንፈስ** **ቅዱስን** ሓደ ኣምላኽ እኣምን።

**ኦ...** **እግዚአብሔር**!! ብመሠረት ጸሎትን ኣማላ ድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ **አፍኒን**፡ ኣብዛ ምድራዊት ደብረ ጸሎት ኮይነ ንዘቕርበልካ ናይ ሃይማኖት ጸሎት፡ ኣብ ሰማያዊት ደብረ መቕደስካ ኬንካ ተቐበል!!





**ኦ..**ንዓመፀኛታት ዝቐጽዕ ኀይሊ ኣብ ኢድካ ዝጨበጥካ **ኣምላኽ**!! ኣብ ልዕለይ ሠራሒ ዓመፃ ኪሠርሑ ንዚተዳለዉ ጸላእተይ፡ ንሊቀ መላእክት ቅዱስ **አፍኒን** ብሰይፊ መዓቱ፡ ካብ ገጽ ምድሪ ፈጺሙ ከጥፍኦም ናባይ ለኣኮ!! እዚ ግና ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!!

ኦ... ጐይታ!! ካብ ፈተና ዲያብሎስን ካብ ዘተፈላለዩ ሕማማትን ከምኡ'ውን ፀረ ደቂ ኣዳም ካብ ዝኾኑ ኣጋንንት ንኽድኅን፡ ድርሳን ቅዱስ ኣፍኒን ሊቀ መላእክት ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፤ ኣልፋኤል፡ ላኤል፡ ግኤል።

እዚ ኅቡእ ኣስማተ መለኮት'ዚ፡ እግዚአብሔር፡ ንሊቀ መላእክት ቅዱስ





ኣፍኒን ንኣስቡር ተራዲኡ ካብ ጸላእቱ ምእንቲ ኽድኅኖ ኣብ ዝለኣኾ ጊዜ ዚሃቦ እዩ።

ኦ... ኣምላከ ቅዱስ ኣፍኒን ሊቀ መላእክት!! ከምቲ ንኣስቡር ዘድኅንካዮ፡ ከምኡ'ውን ንኣይ ንድኹም ኣገልጋሊኻ..........ካብ መከራ ሥጋን ነፍስን ሠውረኒ!!ኣብ ጊዜ ሽግር ኮነ፡ ኣብ ጊዜ ኩናት

ተማሪኸ ኣብ ኢድ ጸላኢ
ተይ ከይወድቕ ኣድኅነኒ!!
ኣሜን።

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...
ናይ ሰላም መልአኽ ቅዱስ
ኣፍኒን ሊቀ መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን
ኦ... ንጻድቃን ኣብ ገዳም
እትሕልዎም ትጉህ መል
ኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...
ብደሞም ንዚተሓጽቡ





ንዚተጠምቁን ቅዱሳን
ሰማዕታት፡ ኀይልን ጽንዓ
ትን እትኾኖም መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን
ኦ... ካብ ብዝኂ ሓሳብ
ንዝተጨነቑ ወገናትካ
እተዕርፍ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን ኦ...
ኣብ ጊዜ ብርቱዕ ዝናም
ወርቃዊ ጽላልን ብርሃናዊ
ድባብን ብምኳን እተጽልል
መልኣኽ!!

**ኦ... ኣምላኽ ቅዱስ ኣፍኒን**
ሊቀ መላእክት!! ንኣይ ንድኻም ኣገልጋሊኻ.......
ህውከት ካብ ዝፈጥር ክፉእ ልሳንን ካብ'ቲ ዘፍርሕን ዘርዕድን መልኣከ ሞትን፡ ንዘለዓለም ሠውረኒ!! ኣሜን። ኣቡነ ዘበሰማያት በል።







ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፡ እኣምን።

ኦ... እግዚአብሔር!! ብጸሎትን ኣማላድነትን ሊቀ መላእክት ቅዱስ ዑራኤል፡ ኣብዛ ምድራዊት ማኅደር ቅድስናኻ ኮይኑ ንዘቕርበልካ ጸሎት፡ ኣብ ሰማያዊት ማኅደር ዙፋንካ ኬንካ ተቐበል!!

ኦ... እግዚአብሔር!!





ኀሱራንን ርኹሳንን ዝኾኑ ኣጋንንት፡ ንኣይ ንድኹም ባርያኻ ንምርዓድን ንምሽባ ርን ኣብ ዝተኣከቡሉ ጊዜ፡ ንሊቀ መላእክት ቅዱስ ዑራኤል ብነበልባላዊ ሰይፉ ፈጺሙ ንኽጥፍኦም ናባይ ለኣኮ!! እዚ ግና ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፡ ከም በደለይሲ ኣይኹን!!

ኦ... ጐይታ!! ካብ ኣዝዩ ኣጨናቕን ኣሰቃቕን ጊዜ፡

ምእንቲ ብሰላም ክኃልፍን ከምልጥን፡ ድርሳን ቅዱስ ዑራኤል ሊቀ መላእክት ከምዚ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ስምዓኒ፤ ከልኤል፡ ወላኤል፡ ግኤል፡ ግርማኤል።

ነዚ ኅቡእ ኣስማተ መለኮት'ዚ፡ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ዑራኤል፡ ነቲ ገላዊ ኵሉ ምሥጢር ዚኾነ ጽዋዐ ልቡና፡ ንነቢይ ዕዝራ ሱቱኤል ኣብ ዘስተየሉ





ጊዜ፡ እግዚአብሔር ዚሃቦ እዩ።

ኦ... አምላከ ቅዱስ ዑራኤል ሊቀ መላእክት!! ንኣይ ንድኹም ኣገልጋ ሊኻ....................ኅቡእ ምሥጢርን ግሉፅ ጥበብን ኣፍልጠኒ!! ኣብ ልዕለይ እኩይ ነገር ንዚሓስቡ ጸላእተይ ድማ፡ ካባ ኅሥረትን ኀፍረትን ኣልብሶም!! ኣሜን።

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
መልአከ ብርሃናት ቅዱስ
ዑራኤል ሊቀ መላእክት!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
መልክዕ ብርሃን ጽባቒኻ
ብደም ክርስቶስ ዝተቐብአ
ኀሩይ መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
ኣብ ጊዜ ስቕለት፡ ብደም
ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓለም
ክትቅድስ ዝተሸምካ መል
ኣኽ!!





ሰላም ንኣኻ ይኹን
አ... ሰለ በደል ደቂ ሰባት
ናብ ልዑል ኣምላኽካ
እተማልድ፡ ናይ ምሕረትን
ይቕሬታን መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
ኣውያት ሽጉራት ደቅኻ
ሰሚዕካ፡ ብቕልጡፍ እትረ
ድእ ፍጡን መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን አ...
ካብ ናይ ጥፍኣት ባሕሪ እሳት፡
ብቅጽበት እተሳግር መልኣኽ!!

ሰላም ንኣኻ ይኹን
ኦ... ንዓለም መድኃኒት
ኽትከውን ዝተንረኻ መል
ኣኽ!!

ኦ... ቅዱስ ዑራኤል!!
ምሕረትካን ኀይሊ ምድኃ
ንካን ኣብ ዝገለጽካለይ ጊዜ፡
መዓልትን ለይትን ብኽብሪ
ሰላም ኪብለካ እየ!!

ኦ... ኣምላከ ቅዱስ
ዑራኤል ሊቀ መላእክት!!
ንኣይ ንድኽም ኣገልጋ





ሊኻ...... ንከውድቑን ከጥ
ፍኡን፡ ብክፍኣትን ቅንእን
ምንቅኝነትን ኣብ ልዕለይ
ንዝለዓሉ እኩያን ኣጋንንት፡
ሰይጣናዊ ሓሳባቶም በቲ
ንካ፡ ስለ'ቲ ፈጻሚ ፍቓድካ
ዚኾን ቅዱስ ዑራኤል
መልኣኽ ናብ ርእሶም
ምለሶ!!። ኣሜን። ኣቡን
ዘበሰማያት በል።

**ኦ...** ሓጋዚ ድኹማን ፈዋሲ ሕሙማን ዚኾንካ **እግዚአብሔር**!! ነቶም ኣብ ዚተፈላለዩ ሕማማት፡ ሕማም ልቢ፡ ባርያ፡ መንሽሮ፡ ቅርጸት፡ ፍልጸት፡ ውግኣትን ቡዳን............ ወዘይመስሎ ኀዲሮም፡ ዘሳቕዩ ሰይጣናት፡ ኣጋንንት፡ ሌጌዎንን ምትሓትን፡ ኮታ ኵሎም ርኹሳን መናፍስትን መሠርያንን፡





ንዘለዓለም ካባይ ፈጺሞም ምእንቲ ኺርሕቁ፡ በዞም መለኮታውያን ኣስማትካ ውጉዛት ይኹኑ!! ኣሜን።

**ኦ...** ሊቃነ መላእክት **ሚካኤል፡ ገብርኤል፡ ሩፋኤል፡ ራጉኤል፡ ፋኑኤል፡ ሳቁኤል፡ አፍኒንን ዑራኤል**ን!! ንኣይ ንኣገልጋሊኹም (ዕብ.6፡10) .......... ካብ መቕሠፍትን ካብ ኵሉ ክፉእ ዘበለ ነገርን፡ ሠውሩንን ኣድኅ

ኑንን!! ረድኤትኩም፣ ኣማላድነትኩምን ድማ ንዘለዓለም ኣይፈለየኒ!! ኣሜን። ኣቡነ ዘሰማያት፣ ጸሎተ ሃይማኖት። ኣቡነ ዘበሰማያት በል።



ኣነቓቒሖ ንዘጀመረኒ፡ ኣጆሚሩ ንዘፈጸመኒ ከሃሊ ኵሉ **ኣምላኽ**፡ ክብርን ምስጋናን ንልዑል ስሙ ይኹን!! ኣሜን።

ተፈጸመ
በሰላመ **እግዚአብሔር** ።


ኣሰናዳኢ

ዲያ. ይትባረክ በየነ

ቴሌ. +291-7-116122







እምበኣር ኵላቶም መላእኽቲ፡ ነቶም ክድኅኑ
ዘለዎም ክሕግዙ ዝለኣኹ፡ ኣብ ኣገልግሎት
እግዚኣብሔር ዘለዉ፡ መናፍስቲ እዮም።
ዕብ 1:14
ከየቋረጽኩም ጸሎት ኣዘውትሩ። ሮሜ 12:12
eteseregela@gmail.com / debreselam98@yahoo.com